# ጽሑፋዊ መረዳእታ ብዛዕባ መንግስታዊ ሓገዝ (ደገፍ)

ኣብ ስውዝ ዝኾነ እኹል ገንዘብ ዘይብሉ ወይ ከኣ (ፋይናንስያዊ ጸገም) ዘለዎ ሰብ «መንግስታዊ ሓገዝ» ክረክብ መሰል ኣለዎ።

ነቲ ገንዘባዊ ሓገዝ እቲ ትቕመጠሉ ምምሕዳር ሓላፍነት ይስከም፥ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት።

እቲ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት ብውልቂ (ምኽሪ) ከምኡ ውን ቁጠባዊ (ገንዘብ፥ ክፍሊት ናይ ክራይ ገዛ፣ መድሕን ጥዕና) ወዘተ ዝኣመሰሉ ሓገዛት ይህብ። ከምኡ ውን ይግብኣካ ድዩ ወይ ውን ክንደይ ይግብኣካ የጻሪ።

ኩሉ ግዜ ንምንታይን ክንደይን ገንዘባዊ ሓገዝ ይወሃበካ ክትርዳእ ፈትን።

እቲ ዝወሃብ ገንዘባዊ ሓገዝ ካብ ሰራሕተኛታት ብመልክዕ ቀረጽ ዝእከብ እዩ።

ኩሉ ግዜ መንግስታዊ ገንዘባዊ ሓገዝ ዘድልዮ ሰብ ኣብቲ ዝቕመጠሉ ምምሕዳር «ዕዳ» ከም ዘለዎ ክፈልጥ ኣለዎ። ምኽንያቱ ሓደ ሓደ ግዜ ዕዳኻ ክትከፍል ትግደደሉ ኣጋጣሚታት ክፍጠር ስለዝኽእል። ንሱ መዓስ ይኼውን (ኣብ ታሕቲ ተመልከት)።

መንግስታዊ ሓገዝ ትወስድ እንተሃሊኻ መሰላትን ግደታታትን ኣለካ።

መሰል ማለት ክትገብሮ **ዝፍቀደካ** እዩ።

ግደታ ማለት ድማ ናይ ግድን **ክተማልኦ** ዘለካ ማለት እዩ።

**ማሕበራዊ ትካል (ቤት ጽሕፈት)፥** ሰራሕተኛታት ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት ኩሉ ዓይነት ጉዳያት ባዕሎም ክውስንዎ ኣይክእሉን እዮም።

**ወሳኒ ኣካል፥** እዚ ልዕሊ እቲ ማሕበራዊ ትካል ስልጣን ኣለዎ። እታ ናይዚ ወሳኒ ኣካል (5 ክሳብ 9 ሰባት) ፕረዚደንት ኣካል ናይቲ ምምሕዳር እያ። እቶም ኣገደስቲ ጉዳያት በዚ ፈጻሚ ኣካል ይውሰኑ።

እቲ ዕላማ ናይዚ መንግስታዊ ሓገዝ ፥ ኣብ መወዳእታ ባዕልኻ ነብስኻ ንኽትክእል እዩ።

## እዞም ዝስዕቡ ክተማልኦም ዘለካ (ግደታታት) እዮም

እዞም ዝስዕቡ ክተማልእ ኣለካ፥

### <u>ሓበሬታ</u>

ፈጻሚ ኣካል ናይቲ መንግስታዊ ሓገዝ ነቲ ጉዳይካ መርሚሩ ሓገዝ ናይ መንግስቲ ይፍቀደልካ ድዩ ኣይፍቀደልካን ይውስን። እዚ ማለት ኩሉ ኣገዳሲ ዝኾነ ሓበረታ ብቕንዕና ነቲ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት ክትህቦ ግደታ ኣለካ። ንኣብነት፥

- ዝኻነ ደሞዝ እንተተቀቢልካ
- ዝኻነ ሰብ ገንዘብ እንድሕር ሂቡካ
- ሓድሽ ቁጽሪ ሓሳብ ናይ ባንክ እንተከፊትካ
- ኣብ ዓድኻ ክንደይ ገንዘብ ከም ዘለካ
- ማኪና እንድሕር ኣላትካ
- ክራይ ገዛ ክንደይ ከምትኽፍል
- ቆልዑት ከምዘለዉኻ ወይ ከምዘይብልካ
- ተመርዒኻ ዲኻ ወይ ኣይተመርዓኻን …….

ነቲ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት እዞም ዝስዕቡ መዝገባትን ወረቃቅትን ክትቅርበሉ ትግደድ።

- ቅዳሕ ናይቲ ናይ ባንክ ቁጽሪ ሕሳብካ ጸብጻብ (ወርሓዊ)
- ደሞዝ ናይ ዝወሰድካዮ ጽሑፋዊ መረጋገጺ
- ውዕል ገዛ ክራይ
- ደብዳቤታት ናይ ቤት ፍርዲ
- ወዘተ.....

ኣብ ቁጠባዊ ኩነታትካ ዝመጽእ ዝኾነ ለውጢ ብቅልጡፍ ነቲ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት ክትሕብር ግደታ ኣለካ።

እቲ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት እንታይ ክተረክብ ኣለካን እንታይ ጎዲሉን ይነግረካ።

## **<u>ቅሩብነት</u>**

ነቲ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት (ትካል) ክትተሓጋገዞ ትግደድ፥ ኣብ ውልቃዊ ይኹን ኣብ ቁጠባዊ ህወትካ ዝኾነ ለውጢ እንድሕር መጺኡ ቀልጢፍካ ነዚ ቤት ጽሕፈት ክትሕብር ግደታ ኣለካ።

- ሓድሽ ወይ ካልእ ስራሕ
- ካብ ስራሕ እንተተሰጒግካ ወይ እንተገዲፍካዮ
- ለውጢ ኣብ ደሞዝ
- መርዓ
- ጥንሲ
- ሓድሽ ወይ ካልእ ገዛ ምቕያር .......

<u>ቅሩብነት ምስ ዘይተርኢ ወይ ዘይትተሓጋገዝ እንተኮይንካ ክመጽእ ዝኽእል ሰዓቤን</u>

እንድሕር ገጋ ሓበረታ ወይ ድማ ጎዶሎ (ዘይምሉእ) ሓበረታ ሂብካ እቲ ገንዘባዊ ሓገዝ ክቑረጽ ይኽእል። እዚ ማለት ድማ ዝወሓደ ገንዘብ ትወስድ ወይ ከኣ ጠቕሊልካ ትኽልከል።
ወይ ድማ ምስ ዓቕምኻ ከለኻ ቓንቓ ንክትማሃር ሞያ ንኽትገብር ወይ ውን ስራሕ ንኽትረክብ ዝኾነ ተበግሶ ዘየትወስድ እንተኾይንካ ወይ እንተተሓሲምካ.....

ቅድሚ ገንዘብ ምቕራጹ ግን ሓደ ይግባይ ክትብለሉ ትኽእል ውሳኔ ብመልክዕ ጽሑፍ ይወሃበካ። ነዚ ዝውስን እቲ ፈጻሚ ኣካል ናይቲ መንግስታዊ ሓገዝ እዩ። ነዚ ጽሑፋዊ ውሳኔ ዘይትሰማማዓሉ እንድሕር ኮይንካ ይግባይ ናይ ምባል መሰልካ ዝተሓለወ እዩ።

**«ብሕጊ ይግባይ ክትብለሉ ዘፍቅድ ውሳነ»**: ብጽሕፍ ዝተሰነየ ሓጋዊ ውሳነ እቲ ፈጻሚ ኣካል ናይቲ ገንዘባዊ ሓገዝ እንታይ ወሲኑ ስለምንታይ ከምኡ ወሲኑ ዝኣመሰሉ ነጥብታት የጠቓልል። እዚ ማለት ግን ይግባይ ናይ ምባል መሰልካ ዝተሓለወ እዩ።

➡ ንዝያዳ ሓበረታ ብዛዕባ እዚ ኣብቲ «መሰል ናይ ይግባይ» ዝብል ክፋል ኣንብብ።

## **<u>ደገፍ ካብ ኣባላት ስድራ ቤት</u>**

ስድራኻ (ወለዲ፣ እኹላት ደቅኻ) ብዙሕ ገንዘብ እንድሕር ኣለዎም ክምውሉኻ ግደታ ኣለዎም። እዚ ማለት መንግስታዊ ሓገዝ ኣይፍቀደካን እዩ።
ተመርዒኻ እንተነርካ መጻምድትኻ ንዓኻን ንደቅኻን ገንዘብ ክትህብ ግደታ ኣለዋ።
ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት ነዚ ኣጻሪዩ እቶም ኣባላት ስድራቤትካ ብገንዘብ ክሕግዙኻ ግደታ ኣለዎም ድዩም የብሎምን ይውስን። ብኡ መሰረት ከኣ መንግስታዊ ሓገዝ ይምልከተካ ድዩ ወይ ኣይምልከተካን ይውስን።

## ምምላስ ዝተወሰደ ሓገዝ

እቲ መንግስታዊ ሓገዝ ህያብ ኣይኮነን። በዚ ምኽንያት ከኣ እቲ ዝወሰድካዮ ገንዘባዊ ሓገዝ ክትመልሶ ትግደደሉ ኩነታት ኣሎ። ንኣብነት:

- ኣዝዩ ብዙሕ ገንዘብ እንተረኺብካ (ንኣብነት ሎቶሪ እንተበጺሑካ ወይ ውሪሻ)
- ኣዝዩ ብዙሕ ደሞዝ እንተተኸፊልካ
- ጌጋ ሓበሬታ እንተሂብካ (ንኣብነት ብዝሒ ደሞዝ ምሕባእ)
- ሓበሬታ ምሕባእ (ንኣብነት ዝኸፈትካዮ ባንክ ቁጽሪ ሓሳብ)
- እቲ ናይ ምሕባርን ቅሩብነትን ግደታኻ ዘይምኽባር
- እቲ ዝወሃበካ ገንዘባዊ ሓገዝ ኣብ ካልእ መዓላ ምስተውዕሎ (ንኣብነት ንክራይ ገዛ ዝተባሃለ ገንዘብ ሓድሽ ተለቪዥን እንድሕር ገዚእካሉ)

እቲ ዝተወሰደ ገንዘብ ናይ ምሉእ ስድራቤት (ናይ መጻምድትን ናይ ቆልዑን) ክምለስ ይግባእ።

ገንዘብ ካብ ሓደ ዝኣተኻዮ ናይ መድሕን ትካል ክመጻካ ትጽበ እንተሃሊኻ ሞ ንግዚኡ ምምሕዳር (ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት) ኣሕሊፉልካ እንተጻኒሑ እቲ ገንዘብ ካብቲ ናይ መድሕን ትካል ምስተቀበልካዮ ቀልጢፍካ እቲ ዘለካ ዕዳ ክትከፍሎ ትግደድ።

እቲ ዝወሰድካዮ ገንዘብ ክትመልሶ ዘይትግደደሉ ኩነታት:

- እቲ ገንዘባዊ ሓገዝ ትሕቲ ዕድመ ከለኻ እንተወሲድካዮ
- እቲ ገንዘባዊ ሓገዝ ኣብ ትምህርቲ ሞያ ከለኻ እንተወሲድካዮ
- ናይ መወዳእቲ ግዜ ገንዘባዊ ሓገዝ ዝወሰድካላ ቅድሚ 20 ዓመት እንተነይሩ

እቲ ገንዘባዊ ሓገዝ ክትመልሶ ግደታ እንድሕር ኣለካ እቲ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት ይሕብረካ።

# እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለዉኻ

እዞም ዝስዕቡ ነገራት ይፍቀዱኻ

## ማዓረ ዝኾነ እኹል ሰብ መሰልን ግደታን ኣለካ ከምኡ ውን ብኦኦም መሰረት ክትውስንን ክትካታዕን መሰል ኣለካ

ወላ ውን ኣብ ትሕቲ ናይ መንግስታዊ ሓገዝ ሃሉ ሕጋዊ መሰል ኣለካ ከምኡ ውን ናይ ሕጋዊ መስሪሕ ፍቃድ ዝተሓለወ እዩ። እዚ ማለት፥

- ውዕላት ክትፍርም ይፍቀደካ
- ክተውርስን ክትላበን ይፍቀደካ (ጽሑፋዊ)
- ንሓደ መስርሕ ክትመርሕ ይፍቀደካ
- ብዛዕባ ደቅኻ ናይ ምዝራብን ምውሳንን መሰልካ ዝተሓለወ እዩ።

## መዝገባትን ጽሑፋትን ናይ ምርኣይ መሰል

እቲ ምምሕዳር ኩሉም ናትካ መዛግብ ይሕዞም። እዚ ክንብል ከለና ግን ኣብ ዝኾነ ግዜ ክትሪእ
ዮም መሰልካ ዝተሓለወ እዩ። እዚ መሰረታዊ መሰልካ እዩ።

**<u>ቃልካ ናይ ምሃብ መሰል</u>**

እቲ ፈጻሚ ኣካል ናይቲ ገንዘብዊ ሓገዝ ቅድሚ ነቲ ገንዘብ ደው ምባሉ፤ ምቑራጹ ወይ ድማ እንታይ ክትገብር ወይ ክትከፍል ከምዘለካ ቅድሚ ምሕባሩ ቃልካ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ክትህብ ዕድል ክኸፍተልካ ኣለዎ። እዚ ማለት ከኣ ምስቲ ምምሕዳር ወይ ድማ ፈጻሚ ኣካል ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። እቲ ፈጻሚ ኣካል ድማ ቅድሚ ውሳነ ምውሳዱ ጉዳይካ ጽቡቕ ገሩ ክምርምሮ ኣለዎ።

ምስቲ ውሳነ ናይቲ ፈጻሚ ኣካል እንተዘይተሰማሚዕካ ናብቲ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት ኬድካ ብልክዕ እቲ ውሳኔን ስለምንታይ ከምኡ ከምዝተወሰነን ክሓትትት ትኽእል። በቲ ዝተወሃብካዮ መልሲ እንተዘይዓጊብካ ይግባይ ብምባል ክትካታዓሉ ትኽእል ጽሑፋዊ ውሳኔ ኣቕርቡለይ ወይ ይወሃበኒ ትብል። እዚ ጽሑፋዊ ወሳኔ ብሕጊ ይግባይ ንኽትብል የድልየካ። (ኣብ ታሕቲ ትመልከት ብዛዕባ ይግባይ ምባል)

ኣገዳሲ፥ ነቲ ናይቲ ፈጻሚ ኣካል ውሳነ ብልክዕ ምርዳእ የድሊ።

**<u>ይግባይ</u>**

ምስቲ ውሳኔ ናይቲ ፈጻሚ ኣካል እንድሕር ደኣ ዘይተሰማምዕ ኮይንካ ይግባይ (እቲ ጉዳየይ ዳግማይ ይረኣየለይ) ክትብል ትኽእል። ኣስተውዕል፥ ኣብቲ ናይ ውሳኔ ደብዳቤ ይግባይ ናይ ክትብለሉ ትኽእል ዝተወሰነ ናይ ግዜ ገደብ ኣለካ (20 መዓልታት)፤ እዚ ማለት ካብታ ናይ ጽሑፋዊ ውሳኔ ብፍሉይ ቡስጣ፡ ወይ ድማ ብቐጥታ ዝተቐበልካሉ ዕለት 20 ማዓልታት ግዜ ኣለካ። ድሕሪ 20 መዓልታት ይግባይ ክትብል መሰል የብልካን።

<u>እቲ ይግባይ ብኸምዚ መልክዕ ተቕርበ</u>

ብመልክዕ ደብዳበ ተቅርበ። ኣብቲ ደብዳቤ ስለምንታይ ነቲ ውሳኔ ከምዘይትቅበሎ ትገልጽ።
እቲ ዝጸሓፍካዮ ደብዳቤ ምስቲ እቲ ፈጻሚ ኣካል ናይቲ ምምሕዳር ዝሃበካ ደብዳቤ ገርካ ናብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ትሰዶ።

Regierungsrat des Kantons Schwyz
Beschwerdedienst
Bahnhofstrasse 9
Postfach 1200
6430 Schwyz

## ግደታታት ናይ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት

እቲ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት ውን ግደታታት ኣለዎ። ናይቲ ቤት ጽሕፈት ግደታታት፥

**<u>ጠለባት ምምስራሕ</u>**

እቲ ዘለካ ጠለብ (ሕቶ) ናብቲ ፈጻሚ ኣካል ናይቲ ምምሕዳር ተቕርብ። እቲ ፈጻሚ ኣካል ነዚ ሕቶኻ (ጠለብካ) ብግቡእ ክምርምሮ ይግደድ። ንነፍሲ ወከፍ ዘቕረብካዮ ጠለብ መርሚሩ ሓደ መልሲ ክህበካ ኣለዎ። መልሲ ንክህበካ ብዙሕ ግዜ ክወስድ ኣይፍቀዶን እዩ።

**ዕቃበ ውልቃዊ ሓበረታ**

እቶም ሰራሕተኛታት ናይቲ ትቅመጡሉ ምምሕዳራዊ ቤት ጽሕፈትን ምምሕዳርን ብዙሕ ኣገዳሲ ሓበረታ ይፈልጡ ወይ ኣለዎም። በዚ ምኽንያት ከኣ እዞም ሰራሕተኛታት ሓበረታ ናይ ምዕቃብ ግደታ ኣለዎም። እዚ ማለት ከኣ ብዛዕባኻ ዝገልጽ ሓበረታታት ንዝኾነ ሰብ ክነግሩልካ ወይ ከመሓላልፍዎ ኣይፍቀዶምን እዩ።

### ጽሑፋዊ መብርሂ

እቲ ፈጻሚ ኣካል (ምምሕዳር) ነቲ ዘቅረብካዩ ጠለብ እንተነጺግዎ ገለ ክፍሊት ኣይንኸፍልን ኢና እንድሕር ኢሉ ወይ ድማ ሓደ ክፋል ጥራይ ኢና ንኸፍል እንድሕር ኢሎም እቲ ፈጻሚ ኣካል ኩሉ ብንጹር ከብረሃልካ ኣለዎ። ከምኡ ውን እቲ ምኽንያት ብግብእ ብጽሑፍ ከስፍሮ ኣለዎ። ነቲ ፈጻሚ ኣካል ሓደ ይግባይ ናይ ምባል መሰልካ ዝሓለወ ውሳኔ (ደብዳቤ) ጸሓፉለይ ኢልካ ክትሓትት ትኽእል።

### ሓገዝ ምሃብ

እንድሕር ኣብ ቅልውላው (ኣሸጋሪ ኩነታት) ኣለኻ እቲ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት ክሕግዘካ ግደታ ኣለዎ። ብድሕሪኡ እቲ ኩነታትካ ወይ ሽግርካ ባዕልኻ ክተማሓይሽ ትኽእል ወይ ድማ ምስቲ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት ሓብርካ ፍታሕ ትናዲ።

## ኣገድስቲ ምኽርታት

<u>ብግቡእ ሓገዝ ሕተት</u>

ዝኾነ ጸገም እንድሕር ኣለካ ወይ ገለ ከም ደብዳበ መሳሊ እንተዘይተረዲኡካ ብቅልጡፍ ናብቲ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት ክትክይድ ኣለካ።

<u>ብግቡእ ምድላዋት ግበር</u>

ዝኾነ ቆጸራ እንድሕር ኣለካ ኩሉ ወራቓቕትኻ ምሳኻ ተማላኣዮ። ከምኡ ውን ኩሉ ዘለካ ሕቶታት ኣብ ወረቀት ጽሕፍካዮ ኪድ።

<u>ብሓባር ናይ ምስራሕ ቅሩብነት ኣርኢ</u>

ዕላማ ናይቲ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት ንዓኻ ምሕጋዝ እዩ። ምስቶም ሰራሕተኛታት ብዝተኸኣለ መጠን ክትዋሳእ ወይ ክትዋሃሃድ ይግባኣካ።

<u>ጌጋ ሓበረታታት ኣወግድ</u>

ብዙሕ ኣባሃህላታትን ወረንዶ ትሰምዕ፧

ከምኡ እንተኾይኑ ብቅልጡፍ ናብቲ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት ወይ ዝምልከቶ ኣካል ብምኻድ ነቲ ሓቀኛ ሓበረታ ክትረክብ ትኽእል።

ከምኡ ውን እቲ ንስኻ ትወስዶ ገንዘባዊ ሓገዝ ምስ ናይ ካልኦት ሰባት ኣይተወዳድሮ። ነፍሲ ወከፍ ጉዳይ ዝተፈላለየ እዩ።

ካብቲ ገንዘባዊ ሓገዝ ናይ መንግስቲ ንምውጻእ ኣበርቲዕካ ክትሰርሕ ግደታ ኣለካ።

እዚ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ። እቲ ዝበለጸ መንገዲ ሞያ ምምሃር እዩ መታን ኣብ መጻኢ ጽቡቕ ስራሕ ክትረክብ።

# <u>መብርሂ</u>

ኣነ ነዚ ብዛዕባ መሰላተይን ግደታታተይን ዝገልጽ ሓበረታ ኣንቢበዮ ኣለኹ። እዚ ሓበረታ ኩሉ ተረዲኡኒ ኣሎ።

ምሉእ ስም ________________________________________

ቦታን ዕለትን ________________________________________

ፈርማ ________________________________________

# መንግስታዊ ሓገዝ


ከከም ኩነታቱ ዝወሃብ ኣገልግሎት ኣድላዪ እንተኮይኑ ንኣብነት ሕክምና ናይ ስኒ


ንምንባር ዘድልዩ መሰረታዊ ነገራት


ዋጋ ናይ መንበሪ ገዛ ምስ ኩሉ ወጻኢታቱ


ኣድልዩ ዝኾነ ሕክምናዊ ክንክን

